# ዓረም፣ ፈውሲ ደግሲ (Relapse)

ሕማም ደግሲ ህይወት ብዙሓት ዝቐዝፍ፣ ሓደገኛ ሳዕቤን ናይ ቀዳማይ ኣብ ዳሕራይ ዝኸሰት ተርእዮ እዩ። እቶም ነዚ ሕማም`ዚ ዘምጽኡ ህዋሳት ኣብ ሰብነት ተደጊሎም ስለ ዝጸንሑ ነቲ መድሃኒት ይለምድዎ። ናይ ምክልኻል (immunity) ብቕዓት ድማ በቲ ቀዳማይ መጥቓዕቲ ተዳኺሙ ስለ ዝጸንሕ፣ ምስ ተኸስአ ክድሕን ኣይክእልን። ምኽንያቱ፣ እቲ ኣቐዲሙ ተፈዊሱ ዝነበረ ዝመስል ግን ከኣ፣ ተላሒጉ ዝጸንሐ ክብገስ ከሎ ፣ ንበይኑ ዘይኮነ ካልኦት ዓቕሚ ብምስኣን ተኸዊሎም ምቹእ ግዜ ክጽበዩ ዝጸንሑ ኣሰንዩ እዩ ዘጥቅዕ። ሕማም ደግሲ`ምበኣር ብኸምዚ ተርኚው ብዘይ ንሕስያ ዕምሪ ሰብነት የሕጽሮ።

እዚ ኣብ ስነ-ህይወት ብግብሪ ዝረአ ጉዳይ፣ ኣብ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት`ውን ብተምሳሌቱ ብዝሰፍሐን ብዝኸፍአን ማእለያ ዘይብሉ ዕንወት ዘኸትል ተርእዩ እዩ። ዓለምና ብሕጊ`ምበር ብሓይሊ ስለ ዘይትነባበር ቅልጽም ዘሕበጠ ፊን ኣብ ዘዝበሎ ግዜ ዓመጽ ከካይድ ኣይክእልን። ናይ ሓጺርን ነዊሕን ሳዕቤን ጎስዩ፣ ብስምዒት ተገዚኡ ብሓዊ ምስ ዝጻወት፣ ኣብታ ዝኣጎዳ ሓዊ እዩ ዝጥበስ። ሎሚ ናይ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ውጽኢት፣ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም እንታይ ሳዕቤን ከም ዘኸተለ ዘይርዳእ እንተልዩ ኣብዲ እዩ። ኣብዲ፣ ኣይኮነን ናይ እኩብ ናይ ውልቂ`ውን ክሓስብ ስለ ዘይክእል፣ ከሎ ጌና እቲ ዝህሰ ሓፋሽ ክነቕሓሉ ይግባእ።

ንደቂ ሰባት ሰላም ከሊኡ ንዓለምና ዝህውጽ ዘሎ ፖለቲካ እዩ። ፖለቲካ ከም ኣካል ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት መጠን ቀጥታዊ ትርጉሙ ብዝቐለለ ክንርእዮ እንከሎና **`ኣብ ሽቶኻ ንምብጻሕ እትጥቀመሉ መሳርሒ`** እዩ። ቀንቀኛ ፖለቲካ ከምዚ ካብ ኮነ፣ ***ዕላማ ፖለቲከኛታት ድሌት ስልጣን እዩ።*** ቀጺሉ ክበርህ ዘለዎ ነገር፣ ስለምንታይ ፖለቲከኛታት ስልጣን ዝደልዩ ዝብል ሕቶ ይመጽእ። ፖለቲካ ንፖለቲከኛታት ህይወቶም ዝመርሕሉ ናይ መነባበሪኦም ሞያ ስለ ዝኾነ እዩ። ልክዕ ከም ንግዲ፣ ማሕረስ፣ ሸቅለት ወዘተ። ንዝኾነ ግሩህ ሰብ ግን፣ እቲ ከም መሳርሒ ዝጥቀምሉ፤ መሰል፣ ዲሞክራሲ.....ወዘተ ዝብል ንዔረ ዝጎልበበ መዓር`ዩ ዝረኣዮ።

ነዚ ሓደገኛ ሞያ`ዚ ኣብ ምትግባር ፖለቲከኛታት ደም እናፍሰሱን ህይወትን እናጥፍኡን እዮም ስርሖም ዘሰላስሉ። ኣብ ትግባሬኡ ድማ ንሃገሮምን ህዝቦምን ቀዳምነት ብምሃብ ፍልጠቶምን ህይወቶምን ዘወፍዩ መሲሎም፣ በቲ ፍሉይ ናይ ምምዳር ክእለቶም ገይሮም፣ ነቲ ምስኪን ተራ ህዝቢ ብምእማን ንሓድሕዱ የናቑትዎ። ቁርቁስ ፖለቲካዊ ስልጣን ብኲናትን ጎነጽን ከም ዝስነ መጠን፣ መክሰብን ክሳራን ናይቶም ኣጎድቲ ሓዊ፣ ኣብ ገንዘብን ሃብትን ዘይኮነ ዝረአ፣ ሞትን ጥፍኣትን`ዩ ዘኸትል። እቲ ግዳይ ናይዚ ዝኸውን ከኣ ተራ ህዝቢ ደኣ`ምበር፣ ኣይኮነን መራሕቲ፣ መቕርቦምን መሻርኽቶም ዝኾኑ ሃብታማት`ውን ኣይትንከፉን እዮም። ፖለቲከኛታት ኣብቲ ክህንጠይሉ ዝጸንሑ ኮረሻ ስልጣን ምስ ተወጥሑ፣ ቀንዲ ተጠቀምቲ ናይቲ ዝረኸብዎ ዓወት፤ ንሶም፣ መቕርቦም፣ መሻርኽቶም ዝኾኑ ሃብታማት እምበር እቶም ግምባር ቀደም ኮይኖም ኣብቲ ለውጢ ዝተሳተፉ ኣይኮኑን። ንከምዚ ዝሕሉ ስርዓተ ሕጊ ብምእዋጅ ድማ ንኩሉቲ ድሌቶም ካብ ምትግባር ዝቃወሞም ዘበለ ዝደቊስ ሕጊ ዘጽድቑ።

*<u>ቀንቀኒ ህግደፍ፣ ኣብቶም ብሕማም ደግሲ ናይ ባሕረ ዘጒርዑ ዘሎዉ ተጻጊዑ ዕድምኡ ከናውሑ ምእንቲ፣ መድሃኒት እንተኾኖም ዘላህይዎም ዓረም ልኢኹሎም ኣሎ`ሞ እንተይኮን የውቂ ይኸውን?</u>*

እንሆ እቲ ቅድሚ 27 ዓመት ልዕሊ 150 ሽሕ ኢትዮጲያውያን ዝበልዐ ኣሰቃቒ ኲናት በሰልኡ ከይሓወየ እንከሎ፣ እቶም ውቃበ ባሕሪ ዘራስኖም በለጸኛታት ደቂ መሃል ሃገር፣ ተደጒሉ ዝጸንሐ ሕማሞም ደጊስዎም የቕለሉዎም ኣሎ። እዚ ደግሲ`ዚ ምስቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ናይ ዓሌትነት ምፍላስ፣ ድኻማቶምን ፈርከሽከሾምን ተጻጊዑ ዝመጻ እዩ። እቶም ብልሓተኛታት ፖለቲካውያን ኢና በሃልቲ፣ ማይጨሎት ቀይሕ ባሕሪ መድሃኒት ሕማሞም ጌሮም ክልፍልፉ እንከለዉ፣ ጻገሞም ጠፊኡዎም ኣይኮነን። እንታይ ደኣ መሸፈኒ ነቲ ገጢምዎም ዘሎ ሕንፍሽፍስ ንምርጋእን ተቐባልነት ንምርካብን እዩ።

ኣብ ዓለም 49 ሃገራት ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ኣለዋ፣ እዚ ማለት 1/5 ጠቕላላ ናይ ሃገራት ዓለም ዝሓቑፈ እዩ። ብብዝሒ ህዝቢ እንተርኢናዮ`ውን 7% ካብ መላእ ህዝቢ ዓለም ኣብዘን ሃገራት እዚኣን ይነብር። እታ ካብ ኩለን ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ዘይብለን ሃገራት ዝዓበየት ካዛኪስታን ኮይና 2.724.900 ትርብዒት ስኵር ኪሎሜተር ትውንን። እዚ ማለት

ካብ ኢትዮጲያ ብ 1.624.900 ትርብዒት ስኴር ኪሎሜትር ስለ ትዓቢ ብስፍሓት ዳርጋ ዕጽፉን ፈረቓን እያ ክትበሃል ትከኣል። ኩለን እዘን ኣብ ዓለምና ዘለዋ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ዘይብለን ሃገራት ምስ ከባቢኣን ተሳንየን ይነብራ፡ ካብ ዝተረፈኦ ቀኑጠባዊ ምዕባለ`ውን የሎን። መሰል ርእሰ ውሳኔ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ፡ ኢትዮጲያ ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ብቀኑጠባዊ ምዕባለ ሰጉማ ድያ ንድሕሪት ተመሊሳ፡ ትንታነ ዘድልዮ ኣይኮነን። እዞም ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘለዉን ናብ ኮረሻ ኣብ ምምጥጥር ዝርከቡን ቡዱ ፖለቲካ መሲልዎም`ዩ። እንተኾነ ግን፡ ብኣንጻሩ ንህዝቢ ኤርትራ ዝጥርንፍ ኣጋጣሚ ስለ ዝኾነ ንፆም ቡዱ ዘይኮነ ባዶ ምጿኑ ክፈልጡ ይግባእ።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዝመሽመሸ ስርዓት ነቲ መሰል፡ ዲሞክራሲ፡ ልዕልና ሕጊ ዝብል መደናገሪ ቃላት መቐረቱ ወዲኡ ጡፍ ዝበሎ ማስቲካ ቀይሩ፡ ንልኡላውነት ከም መሳርሒ ንነዊሕ ግዜ ክጥቀመሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕጂ ግዜኡ ኣኺሉ ብሰላም ብሓባር ምንባር፡ ዝብል መታለሊ ሜላ ይጥቀም ምህላዉ ካብ ኩሉ ዝተኸወለ ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ኣብ ህውከትን ዕግርግርን ተኸዊሉ ዕድምኡ ዘናውሕ`ምበር ብዝፈጸሞ ገበን ኣብ እዋን ሰላም ክሕተት ኣይደልን እዩ።

ኣብዚ እዋንዚ እዞም `ዓረም` ስነ-ጥበባውያን ኤርትራ ብሓቂ ነዚ ኣብ ኢትዮጲያ ዘሎ ሕማም ደገሲ ክፍውስዎ ድዮም ተላኢኾም ከይዶም ዘለዉ ንዝብል ሕቶ ንማንም ብሩህ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ደገሲ ሕማም ባሕሪ፤ ምስ ዓሌትነት፡ ናይ ዘመናት ሕድሕዳዊ ቅርሕንቲ፡ ቅንኢ፡ ስስዕቲ፡ ቀይዲ በተኽነት...ወዘተ ተጐዝጒዙ ስለ ዝመጸ ብቀሊሉ ዝምሕር ኣይመስልን። ኣብኡ ከይበጽሕካውን ኩሎም እዞም ኣብ ሽምግልናኦም ነቒሎም ዘለዉ ልኡኻት ፈትዮም ተሓጊሶም ድዮም ተበጊሶም? ኣይከይድን እየ ናይ ምባል ዓቕሚኸ ኣለዎም ድዩ? ካልእ ክገብርዎ ዝነበሮም ኣማራጺታት ነይሩዶ? ኩሎምከ ሓደ ድዩ ኣረኣእየኦም ዝብል ሕቶ ሰብ በብናቱ ክምልሶ ዝኽእል እዩ። እቲ ኣብኡ ከይዶም መዝሙር ሰላም ዘይኮነ ናይ ዘይተጻዓድነትን ጀግንነትን ኤርትራውያን ዝደርፉዎ ዘለዉ`ውን ካልእ ምልክት ይመስል። ዘመን ተፈራረድ ምስ ኮነ፡ ገለ ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲና ታሪኻ ትኹልዕ፡ ገለ ድማ በቲ ንመዋእል ዝሃነጸቶ ጽቡቕ ስምን ዝናን ክትጣላዕ ንርኢ ኣሎና።

በቲ ኮይኑ በቲ ከምቲ `ባቡር ኢገበይካ` ዝተባህለ፡ ከም ስሞም ልኡኻት ሰላም እንተኾይኖም ናብ ባህር ዳርን ኣዋሳን ዘይኮነ ናብቲ ደም ዝተኻዕዎን ህይወት ዝሓለፎን ከባቢ እዮም ክኸዱ ዝነበሮም። ናብ ጐሮቤቶም ከተማታት ትግራይ ዘይከድሉ ምኽንያትስ ሰላም ብዝረሓቀ ጫፍ ክጅመር ስለ ዝተመርጸ ድዩ? ቋንቋኻ ዝዛረቡ ህዝቢ ገዲፍካ ናብ ኣምሓርኛ፡ ኦሮሞን ጉራጌን ነጢርካ ምኻድ ዕላምኡ ንመን ይጠፍኦ? ህጻውንቲ ደቆም ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ፡ ሕንጻጽ፡ እንዳ`ባ ጉና፡ ዋዕላ ንህቢ ዝተባህለ ቦታታት ትግራይ ግዳይ ዓበቕ፡ ውጹኣትን ዓሶን ኮይኖም ኣለዉ። ልዕሊ ዝኾነ ንዕኦም ከይዶም ክኣባብድዎም ምተገበአ። ግን ብዓይኒ`ቲ ዝለኣኾም እንታይ ዝብል ስም ከም ዝተጠመቕኡ ኩልና ስለ ንፈልጦ ምግዳፉ ይምረጽ።

ግዜ ዘይፈርዶ ስለ ዘየሎ፡ እቲ ዝቈንቍነ ስርዓት ህግደፍ ነዞም ደገሲ ባሕሪ ዘንፈርፍሮም ዘሎ ብዓረም ፈዊሱ ኣብኦም ተጸጊው ዕድመ እንተ ለቂቡ ክርእዮ ኢና። ንልኡላውነት ሃገረ ኢርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእቱን መልሓሱ ዘይዓጽፍን ዝፈላሊ መድረኽ ምኽሳቱ፡ `ንእሽቶ ውራይ`ሞ ግበር ፈታዊኻን ጸላኢኻን ከተለሊ` ዝብል ብሂል ናይ ኣቦዋት፡ ምስቲ `ሰብ ናብ ሰቡ ዝብኢ ናብ ገረቡ` ዝብል ምስላ እንተኣቋሪንካዮ ንርሑቕ ክትጥምት ዝድርኽ ኩነት ይቀላቐል ምህላዉ ዝእምት እዋን ተበጺሑ ምህላዉ የመልክት።

ልዕመት

ፍትሒ ይንገስ፡ ልኡላውነት ሃገረ ኤርትራ ይከበር